# Sacrament of Confirmation/Myron

# ምስጢረ ሜሮን

www.debresahl.com

# ምስጢራተ ቤተክርስትያን

“ጥበብ ቤታ ሃነጸት 7 ኣዕኑዳ ጸረበት።” ምሳሌ 9፤1

ምስጢር ማለት ሕጊ ወይ ድማ ትእዛዝ ኮይኑ

ሓደ ኣማኒ ብዝርአ ነገር ዘይርአ ጸጋ ኣምላኽ ዝረኽበሉ ኢዩ።

- ምስጢር ዝሰርዐ ክርስቶስ ኢዩ።

- ግብ 1፤2 – 3

- “ክሳዕ እታ ዝዓረገላ መዓልቲ ነቶም ዝሓረዮም ሓዋርያት ብመንፈስ ቅዱስ ምስ ለኣኾም፥ ድሕሪ ስቅያቱ ኣርብዓ መዓልቲ እናተራእዮምን ብዛዕባ መንግስቲ ኣምላኽ ከኣ እናነገሮምን ብብዙሕ መፈለጥታ ህያው ምዃኑ ርእሱ ኸም ዘርኣዮምን ጽሒፈልካ ኣሎኹ።”

# ምስጢረ ሜሮን

ሜሮን ብቃንቃ ግሪኽ እዩ

ሜሮን ዝተቀደሰ ቅብኣት ተባሂሉ ዝፍለጥ ኮይኑ ሐደ ኣማኒ ጸጋ መንፈስ ቅዱስ ከም ዝተቀበለን ብጥምቀት ንእየሱስ ኽምዝለበሶን ዘረጋግጸሉ ምስጢር እዩ።

ካብ 7 ምስጢራት ድማ መበል ካልኣይ እዩ

# ምስጢረ ሜሮን

## መን ኣዚዝዎ

ጎይታናን መድሃኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ንሃዋርያት ብዝሃቦም ተስፋ በይንኹም ክይትኮኑ ኣይሐድገክሙን ኢየ መጸናዒ መንፈስ ክሰደልኩም ኢየ።

# ምስጢረ ሜሮን

- ዝጸምኤ እንተሎ፡ ናባይ ይምጻእ እሞ ይስተ።ብኣይ ዚኣምን፡ እቲ ጽሑፍ ከም ዝበለ፡ ካብ ከብዱ ርባታት ማይ ህይወት ኪውሕዝ እዩ። የሱስ ገና ስለ ዘይከበረ መንፈስ ቅዱስ ኣይወረደን ነበረ እሞ፡ እዚ ብዛዕባቲ እቶም ብእኡ ዝኣመኑ ኪቕበልዎ ዘለዎም መንፈስ እዩ እተዛረበ። (ዮሃ 7፡36)
- እቲ ኣነ ኻብ ኣቦ ዝሰደልኩም መጸናንዒ፡ ካብ ኣቦ ዚወጽእ መንፈስ ሓቂ ምስ መጸ ግና፡ ንሱ ኺምስክረለይ እዩ። ንስኻትኩምውን ካብ መጀመርታ ምሳይ ኔርኩም ኢኹም እሞ፡ ትምስክሩለይ ኢኹም። (ዮሃ 15 ፡26)

# ምስጢረ ሜሮን

- ኣነ ኸኣ ነቦ ኽልምኖ እየ፣ ንሱ ድማ ንዘለኣለም ምሳኻትኩም ዚነብር ካልእ መጸናንዒ ኺህበኩም እዩ፣ነቲ መንፈስ ሓቂ፣ ዓለም ዘይትርእዮን ዘይትፈልጦን ስለ ዝኾነት፣ ክትቅበሎ ኣይከኣለትን እያ። ንስኻትኩም ግና፣ ምሳኻትኩም ይሓድር ኣባኻትኩምውን ኪነብር እዩ እሞ፣ ትፈልጥዎ ኢኹም። (ዮ ሃ 14፣16)

- ደጋዊ ኣካሉ ብዝተቀብአ መሕደር መንፈስቅዱስ ብሙካን ብመንፈሳዊ ሂወት ንኽዓብን ኣጋንንቲ ዝስዕረሉ ጸጋን ካብ ኣምላኽ ይወሃቦ።

  ንስኻትኩምውን ብእኡ ቓል ሓቂ፣ ናይ ምድሓንኩም ወንጌል፣ ምስ ሰማዕኩም ብእኡውን ምስ ኣመንኩም፣ ብናይ ተስፋ መንፈስ ቅዱስ ተሐተምኩም። ንሱ ንምድሓን ጥሪቱ፣ ንውዳሴ ኽብሩ፣ ዕርቡን ርስትና እዩ። (ኤፌ 2፣13)

# ምስጢረ ሜሮን

- ሜሮን ሓደ ካብቶም 7 ምስጢራተ ሜተክርስትያን ኮይኑ፣ ሓደ ኣማኒ ብማህተም መንፈስ ቅዱስ ከምዝተሃትመ ዘረጋግጸሉ ኢዩ
- እቲ ካህን ድማ ኣብ36 ክፍሊ ኣካላት ናይቲ ህጻን ይቐብኦ
- ካብዛ ሰዓት ኣትሂዙ ድማ ነፍሱን ኣካላቱንብመንፈስ ቅዱስ ዝተሃትመ ይኸውን።(ኤፌ 2፥13)

# ምስጢረ ሜሮን

- ድሕሪ ጥምቀት  ድማ ይፍጸም

- ኢየሱስስ ምስ ተጠምቀ፣ ብኡብኡ ኻብ ማይ ወጸ። እንሆ ኸኣ፣ ሰማያት ተኸፍተ፣ መንፈስ ኣምላኽ ድማ ከም ርግቢ ወሪዱ፣ ኣብ ርእሱ ኪቕመጥ ረኣየ።  እንሆ ድማ፣ ብእኡ ዝሰመርዱ ፍትዊ ወደይ እዚ እዩ፣ ዚብል ድምጺ ኻብ ሰማይ መጸ።(ማቴ3፣ 16)

# ምስጢረ ሜሮን

- ኣብ ግዜ ሃዋርያት ብኣንብሮ ኢድ ይፍጸም ኔሩ
- ጴጥሮስን ዮሃንስን ወሪዶም፣ መንፈስ ቅዱስ ምእንቲ ኪቕበሉ፣ ጸለዩሎም። ሽዑ ኣእዳዎም ኣንበሩሎም እሞ መንፈስ ቅዱስ ተቐበሉ።(ግብ8፣16)
- እዚ ምስ ሰምዑ፣ ብስም ጐይታና ኢየሱስስ ተጠምቁ። ጳውሎስ ኢዱ ምስ ኣንበረሎም ከኣ፣ መንፈስ ቅዱስ ናባታቶም ወረደ። (ግብ 19፣5)

# ምስጢረ ሜሮን

- ኣመንቲ ናበዝሐ ምስከዱ ካብ ኣንብሮ ኢድ  ሜሮን ተጀሚሩ

- ንስኻትኩም ድማ ቅብኣት ካብቲ ቅዱስ ኣሎኩም፣ ንኹሉውን ትፈልጥዎ ኢኹም።(1ዩሃ 2፣20)

- ግናኸ እቲ ብክርስቶስ ገይሩ ምሳኻትኩም ዘጽንዓናን ዘቐብኣናን እቲ ዝሐተመናን ኣብ ልብናውን ዕርቡን መንፈስ ዝሀበናን ኣምላኽ ንሱ እዩ። (1ቆሮ1፣21)

# ምስጢረ ሜሮን

- ሜሮን ኣብ ብሉይ ኪዳን ውን ነገስታት ዝቕብኡሉን መንፈስ ቅዱስ ዝቕበልሉን እዩ ኔሩ።

- ሸሁ ሳሙኤል ናይ ዘይቲ ቐርኒ ወሲዱ ኣብ ማእከል ኣሕዋቱ ቐብኦ። ካብታ መዓልቲ እቲኣ ንነጀው ድማ መንፈስ እግዚኣብሄር ኣብ ልዕሊ ዳዊት መጸ። ሳሙኤል ከኣ ተንሲኡ ናብ ራማ ኸደ።(1ይ ሳሙ 16፥13)

# ምስጢረ ሜሮን

- ንመጀመርያ ግዜ ብሃዋርያት ተዳልዩ

  በታ ቐዳመይቲ መዓልቲ ሰሙን እቲ ዘዳለዋኦ ሽቱ ሒዘን፣ ካልኦትውን ምሳታተን ኣንጊሄን ናብቲ መቓብር መጻ።(ሉቃ 24፥1)

- ካብቲ ሃዋርያት ዘዳለውዎ ተረፍን ካብ ጥዑምጨና ዘለዎም ኣእዋምን ድማ ይስርሑ(ዘጽ 30)

# ምስጢረ ሜሮን

- በለሳን ኣውሊዕንዝተባህለ ኦምን ካልኦት 30 ዝኣኽሉ ጥዑም ጨና ዘለዎም ኣታኽልትን ይስራሕ(ዘጽ 30)

- በለሳን ኣብ ይሁዳን ገሊላን ብፍላይ ኣብ ኢያሪኮ ዝቦቅል ተኽሊ እዩ።

- ንሜሮን ምድላው መሰልን ስልጣን ዘለዎ ካብ ኤጲስ ቆጶስ ንላዕሊ ጥራይ እዩ።

# ምስጢረ ሜሮን

- ገለ ኻብቶም36 ክፍሊ ኣካላት ናይቲ ህጻን ዝቐብኦ ድም፦

- <u>ኣብ ግንባሩ</u>      ዝተቀደሰ ኣተሐሳስባ ንኽህልዎ

  ጥበብ ናብ ልብኻ ኽትኣቱ እያ፣ ፍልጠት ከአ ንነፍስኻ ባህ ኬብላ እዩ እሞ፣ ካብ ክፉእ መገዲ፣ ካብቶም ቄናን ዚዛረቡ ሰባት ከተናግፈካስ፣ ምኽሪ ኽትሕልወካ፣ ምስትውዓል ከአ ከተዕቁበካ እያ።(ምሳ 2፥10 ማር 12፥ 34ፊሊ.4፥7)

- <u>ኣፍንጫ</u>

___ምንጪ ንይ ምስትንፍስ ስለዝኾን ሂወትና ብኣምላኽ ዝተገኣ ክኸውን

# ምስጢረ ሜሮን

- ኣፍ ብመልሐስና ስለንጸድቕን ንኹነን

  ሓደ እኳ፡ ንልቡ ደኣ ዜስሕቶ እምበር፡ ልሳኑ ዘይለጒም እንተሎ፡ ንኣምላኽ ዜምልኽ ከም ዘሎ እንተ መሰሎ፡ ኣምልኾኡ ኸንቱ እዩ።(ያቆ 1፡26 3፡2 3፡8 መዝ 141፡3)
- እዝኒ ቅዱስ ያሬድ ከምዝበሎ እዝኒ ትጹም

- ዓይኒ ዳርጋ 80% ልብና ዝሐስቦ ዓይኒ ዝረኣዮ ስለዝኮነ

  ኮንቱ ከይንጥምት ይሕልወና (መዝ 119፡37 119፡17)

# ምስጢረ ሜሮን

- ኣፍልቢ ምኽንያቱ ልቢ ምንጪ ናይ ህላዌና ስለዝኾነት

ህይወት ካብኡ እያ እትፍልፍል እሞ፡ ልዕሊ ኹሉ ንልብኻ ሐልዎ።(ምሳ 4፡23)

ዎ እግዚኣብሄር፣ መርምረንን ተዐዘበንን፣ ንልበይን ኰላሊተይን መርምሮ።(መዝ26፡2)

# ምስጢረ ሜሮን

- ድሕሪ ጥምቀት ጻዕዳ እንተለበሰ ተመራጺ ይኸውን፡-

እምብኣርሲ ኽምቲ ክርስቶስ ብኽብሪ ኣቦኡ ኻብ ምውታት ዝተንስኤ፡ ከምኡኸኣ ንሕና ብሓዳስ ህይወት ምእንቲ ኽንመላለስ፡ ናብ ሞት ብጥምቀት ምስኡ ተቐበርና።ሞትና ንሞቱ መሲሉ ሕቡራቱ እንተ ኾንናስ፡ ከምኡ ኸኣ ብትንሳኤኡ ኽንሐብሮ ኢና። እቲ ዝሞተ ኻብ ሓጢኣት ሓራ ወጺኡ እዩ እሞ፡ እዚ ደጊም ንሓጢኣት ከይግዛእ፡ እቲ ናይ ሓጢኣት ስጋ ምእንቲ ኺጠፍእ፡ እቲ ኣረጊት ሰብና ምስኡ ኸም እተሰቕለ፡ ፈሊጥና ኣሎና።(ሮሜ 6፡4)

እዚኣቶም ካብቲ ብርቱዕ ጸበባ ዝመጹ እዮም፡ ንኽዳውንቶም ከኣ ብደም እቲ ገንሸል ሐጺቦም ኣጻዕደዉ፡(ራኢ.7፡14)